**ሓበሬታ ንመራኸቢ ብዙሓን - ንኹሎም ወከልትን ዜናን ኣሰናዳእትን -**

**ኮምሽን ምጽራይ ሰብኣዊ መሰላት ኤርትራ**

**ጀነቫ (1 ሰነ 2016)** - ኮምሽን ምጽራይ ሰብኣዊ መሰላት ኤርትራ፡ ካልኣይ ጸብጻባ ናይ ኣብ ኤርትራ ተፈጺሞም ዝበሃሉ ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት ንምቕራብ ምስ መራኸቢ-ብዙሓን ኣኼባ ክገብር እዩ።

ኣበይ፡ Palais des Nations፡ Salle (ክፍሊ) III

መዓስ፡ ረቡዕ 8 ሰነ 2016

ግዜ፡ 11፡30 (ብ ኣቆጻጽራ ማእከላይ ኤውሮጳ)

ኮምሽን ምጽራይ ኩነታት ሰብኣዊ መሰላት ኤርትራ፡ ብመሰረት ቤት-ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት ዘሕለፎ ውሳኔ ቁጽሪ 26/24 ናይ 27 ሰነ 2014፡ ኣብ ጸብጻብ ፍልይቲ ልኡኽ ሰብኣዊ መሰላት ኤርትራ ተገሊጹ ከም ዘሎ፡ ኣብ ኤርትራ ተፈጺሙ ዝበሃል ኩሉ ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት ክትምርምር ዘተመዘት እያ።

ኮምሽን፡ ሰለስተ ዘይሻራውያን ክኢላታት ትሓቁፍ። ኣስማቶም፡ ኣቶ ማይክ ስሚዝ (ኣውስትራልያ)፡ ኣቶ ቪክቶር ዳንክዋ (ጋና)፡ ወ/ሮ ሼላ ኪታሩት (ማውሪሸስ)፡ ብተወሳኺ ከም ፍልይቲ ልኡኽ ሰብኣዊ መሰላት ኤርትራ ተገልግል ዘላ፡ እዮም።

ብዕለት 8 ሰነ 2015 ዝተዘርግሐ ቀዳማይ ጸብጻብ ኮምሽን፡ ኣብታ ሃገር ኣብ ፕሮግራማት ወተሃደራዊ/ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝካየዱ፡ እንተላይ ዝተናውሐን ገደብ ዘይብሉ ምኽኑ፡ ኣሰቃቒ ኩነታቱ፡ ከምኡ ውን ምጥቃም ክቱባት ንግዱድ ዕዮ፡ ዝርከቦም ግሉሓት ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት ሰኒዱ። ኮምሽን፡ ቀዳማይ ጸብጻባ ናብ ቤት-ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት ብ 23 ሰነ 2015 ኣቕሪባ።

ቤት-ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት፡ ብመሰረት ውሳኔ 29/18 ናይ 2 ሓምለ 2015፡ ተልእኾ ኮምሽን ንሓደ ዓመት ብምንዋሕ፡ ኣብ ኤርትራ ሜላዊ፡ ሰፊሕን ግሉሕን ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት ንምምርማር ኣዚዙ። እዚ መርመራ፡ ምሉእ ተሓታትነት ንምርግጋጽ ዝዓለመ እዩ፡ እንተላይ እዞም ግህሰታት ክሳዕ ደረጃ ሰብኣዊ ገበናት ዝበጽሑ ምስ ዝኾኑ።

ኮምሽን፡ ናይ ጽሑፍ ጸብጻባ ናብ ቤት ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት ዕለት 21 ሰነ 2016፡ ኣፈናዊ ሓበሬታ ብዛዕባ ስርሓ ናብ ሓፈሻዊ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ጥቅምቲ 2016 ክተቕርብ እያ።

ተፈጸመ

ንዝያዳ ሓበሬታ፡ ናብ ዳን ማክኖርቶን ብ ቁጽሪ ቴሌ. +41 79 618 3474 ወይ dmcnorton@ohchr.org ተወከሱ።

ኣድራሻ መርበብ፡
http://www.ohchr.org/EN/HRBodies/HRC/CoIEritrea/Pages/commissioninquiryonhrinEritrea.aspx

ፍቓድ መራኸቢ-ብዙሓን ናብ Palais des Nations፡
http://unog.ch/80256EDD006B9C2E/(httpPages)/70991F6887C73B2280256EE700379C58?OpenDocument